NHS

# HPV vaccination

ተኽእሎ ሓደጋ መንሸሮ ንምንካይ ዝግበር ምክልኻል ረኽሲ ኤች.ፒ.ቪ./HPV (ሂዩማን ፓፒሎማ ቫይረስ)



arm against cancer

## ዓለም-ለኻዊ ፕሮግራም ክታበት ኤች.ፒ.ቪ./HPV

ካብ መስከረም 2008 ኣትሒዙ፡ ክታበት ኤች.ፒ.ቪ. ንኹላተን ተማሃሮ 8ይ ክፍሊ ዝኾና ኣዋልድ ክወሃብ ጸኒሑ ኣሎ። ካብ መስከረም 2019 ድማ እዚ ክታበት ንኹላቶም ተማሃሮ 8ይ ክፍሊ ዝኾኑ ኣወዳት ይወሃብ ኣሎ።

እዚ ዝግበረሉ ዘሎ ምኽንያት፡ ክታበት ኤች.ፒ.ቪ.፡ ንኣወዳት ይኹኑ ንኣዋልድ ምስ ኤች.ፒ.ቪ. ካብ ዝተኣሳሰሩ መንሽሮታት ከምዝከላኸል ንጹር ኰይኑ ስለ ዘሎ እዩ።

**ብዓለም-ለኻዊ ደረጃ ልዕሊ 280 ሚልዮን መድሃኒታዊ ዓቐናት (ዶዛት) ክታበት ኤች.ፒ.ቪ. ክወሃብ እንከሎ፡ ካብ`ዚ እቲ 120 ሚልዮን ኣብ ሕ.መ.ኣመሪካ፣ ልዕሊ 10 ሚልዮን ድማ ኣብ ዓዲ-እንግሊዝ ዝወሃብ እዩ።**

### ክታበት ኤች.ፒ.ቪ. ካብ መልከፍቲ ሂዩማን ፓፒሎማ ቫይረስ (HPV) ይከላኸል።

እዚ ቫይረስ እዚ ብዕድመ እናደፋእና ክንከይድ እንከለና ተኽእሎ ሓደጋ መንሽሮ ዘጋድደልና እዩ፤ ንኣብነት፦

- መንሽሮ ክሳድ-ማህጸን
- ገለ መንሽሮታት ኣፍን ጐረሮን
- ገለ መንሽሮታት መሃንቱስን ከባቢን ብልዕቲን

ክታበት ኤች.ፒ.ቪ. ካብ ካልኦት ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ረኽስታት ኣይከላኸልን እዩ።



## ኤች.ፒ.ቪ.ን ዝመሓላለፈሉ መገድታትን

**ተርእዮ ረኽሲ ኤች.ፒ.ቪ. ኣዝዩ ልሙድ እዩ።** ልዕሊ 70% ናይ`ቶም ዘይክተቡ ሰባት መልከፍቲ የጋጥሞም

70%

**ኤች.ፒ.ቪ. ኣብ ውሽጥን ከባብን ናይ`ቲ መላእ ከባቢ ብልዕትና ሸፊኑ ዝርከብ ቈርበት ይነብር፤** ስለዚ ኮንዶም ምጥቃም ሙሉእ-ብሙሉእ ካብ ኤች.ፒ.ቪ. ክከላኸለልና ዝከኣል ኣይኰነን።

**እተፈላለዩ ዓይነት** ኤች.ፒ.ቪ. እዮም ዘለዉ

መብዛሕትኦም ረኽስታት ኤች.ፒ.ቪ. ዝኾነ ይኹን ምልክት ሕማም ዘይህቡ ኰይኖም፡ **ባዕላቶም ዝሓውዩ እዮም**

**ገሊኣቶም ድማ ዘይጸርዩን** ናብ መንሽሮ ዘምርሑን ክኾኑ እንከለዉ፡ ካልኦት ድማ ጠንቂ ጡብ-ኣድጊ ናይ ብልዕቲ ክኾኑ ይኽእሉ

## ዛጊት ክታበት ኤች.ፒ.ቪ. ከመይ ዝኣመሰለ ፍልልይ ኣምጺኡ ኣሎ?

ፕሮግራም ናይ`ዚ ክታበት እዚ ኣብ ዓዲ-እንግሊዝ ካብ ዝጀመረሉ እዋን ዓሰርተ-ሓሙሽተ ዓመታት ሓሊፎም ኣለዉ። ተርእዮታት ረኽሲ ኤች.ፒ.ቪ. ከምኡ`ውን ተርእዮ ጡብ-ኣድጊ ኣብ መንእሰያት ኣዝዩ ነክዩ ይርከብ።

ምስ ግዜ፡ እዚ ክታበት እዚ ኣብ ዓዲ-እንግሊዝ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ሰባት ዓመታዊ ከድሕን ተሰፋ ይግበረሉ።

**እዚ ክታበት እዚ ዝያዳ ውጽኢታዊ ክኸውን እንተኾይኑ ወሲባዊ ርክብ ቅድሚ ምጅማርና ክወሃብ እዩ ዝግባእ።**

**ወሲባዊ ርክብ እንተጀሚርና እውን ነዚ ክታበት እዚ ክንወሰዶ ይግባእ።**

## ክታበት ኤች.ፒ.ቪ. ምውሳድ

እዚ ክታበት ብመልክዕ ኣብ ላዕለዋይ ክፋል ቅልጽም ጽውጋእ መርፍእ እዩ ዝወሃብ።

መብዛሕትኦም ሰባት ምሉእ ውሕስነት ንኽረኽቡ ሓደ መድሃኒታዊ ዓቐን ክወሰዱ ጥራይ ዘድልዮም። እዚ ድማ፡ ከም ልሙድ፡ ኣብ ክሊ ናይ`ቲ ተማሃሮ 8ይ ክፍሊ እንህልወሉ ዕድመ ዝወሃብ እዩ።



## ክታበት ኤች.ፒ.ቪ.

እቲ ብመሰረት **መደብ ትግባረ ናይ ሃገራዊ ኣገልግሎታት ጥዕና (NHS)** ኣብ ጠቕሚ ዝውዕል ዓይነት ክታበት ኤች.ፒ.ቪ.፡ ጋርዳሲል-9 (Gardasil 9) ኰይኑ፡ ሓደ መድሃኒታዊ ዓቐን ብምውሳድ ጥራይ - ጠንቂ መንሸሮን ጡብ-ኣድጊ ብልዕትን ካብ ዝኾኑ 9 ዓይነት ኤች.ፒ.ቪ. ክከላኸለልና ዝኽእል እዩ።

## ክታበት ሓሊፉኒ፤ ብሕጂ ንኽወስዶ ተኽእሎ ኣሎ ዶ?

እወ። እዚ ክታበት እዚ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ክወሃብ እንከሎ ምስዝሓልፈና፡ ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ዝሓጸረ እዋን ከምእንወስዶ ክንገብር ይግባእ።

ቈጸራ ንምሓዝ ንነርስ ቤት-ትምህርቲ፡ ንጉጅለ ክታበት ቤት-ትምህርቲ ወይ ኣብ ከባቢና ንዝርከብ ትካል ሓፈሻዊ ሕክምና (ጂ.ፒ. ፕራክቲስ) ንወከስ።

መበል 25 ዓመተ-ልደትና ክሳብ እንጽንብል፡ ነዚ ክታበት እዚ ንኽንወስዶ ዕድል/ተቐባልነት ኣለና።

## ነዚ ክታበት እዚ ዝወሰዳኦ ደቀ`ንሰትዮ እውን መርመራ ክሳድ-ማህጸን ክገብራ የድልየን እዩ

ንኹላተን ካብ 25 ዓመት ንላዕሊ ዝዕድሚአን ኣብ ዓዲ-እንግሊዝ ዝርከባ ደቀ`ንሰትዮ መርመራ ክሳድ-ማህጸን ይግበረለን እዩ። ክታበት ኤች.ፒ.ቪ. ክሳብ ን 90% ናይ ተኽእሎታት ተርእዮ መንሸሮ ክሳድ-ማህጸን ዝገትእ እኳ እንተኾነ፡ ደቀ`ንሰትዮ መርመራ ክሳድ-ማህጸን ንኽግበረለን ዕድመ ክቕበላ እንከለዋ፡ ኣብ ቈጸራአን ክርከባ ይግባእ።



## እቶም ካልኦት ዓይነት መንሸሮ ኸ?

ኣብ`ዚ እዋን እዚ ነቶም ምስ ኤች.ፒ.ቪ. ዝተኣሳሰሩ ዓይነት መንሸሮ ዝምልከቱ መርመራታት የለዉን። ብዛዕባ ዝኾኑ ይኹኑ ምልክታት ሕማም ምስእንሻቐል፡ ነቲ ኣብ ከባቢና ዝርከብ ትካል ሓፈሻዊ ሕክምና ንወከስ።

## ጐድናዊ ሳዕቤናት

ከም ናይ መብዛሕትኦም ካልኦት ዓይነት ክታበታት፡ ጐድናዊ ሳዕቤናት ክታበት ኤች.ፒ.ቪ. እውን ፍኹስ ዝበሉ እዮም። መርፍእ ኣብ እተወግኣሉ ክፋል ቅልጽም ኣቐንዛዊ ሰምዒት፡ ሕበጥን ምቕያሕን ክህሉ ንቡር ኰይኑ፡ እዚ ኣብ ውሽጢ ሒደት መዓልትታት ዝጠፍእ ተርእዮ እዩ። ከበድቲ ጐድናዊ ሳዕቤናት ዝረኣዩሎም ተርእዮታት ሳሕቲ እዮም ዘጋጥሙ።

እዚ ዓይነት ክታበት እዚ ብመንጽር ዕያራውያን መለክዒታት ውሕስነት ናይ ዓዲ-እንግሊዝ ብደቂቕ ተራእዩ ዝሓለፈን ኣዝዩ ውሑስ ምኳኑ እተረጋገጸን እዩ። ብሚልዮናት ዝቝጸሩ መድሃኒታዊ ዓቐናት ናይ`ዚ ክታበት እዚ ኣብ ዓዲ-እንግሊዝን ካልኦት ከባቢታት ዓለምን ንዝርከቡ ኣወዳትን ኣዋልድን ተዋሂቦም ኣለዉ። ልክዕ ከም`ቲ ኣብ ኲላቶም ካልኦት ክታበት ዝግበር፡ ሓበሬታ ኣብ ዝተመሓላለፈሎም ተርእዮታት ጐድናዊ ሳዕቤን ናይ ቀረባ ክትትልን ገምጋምን ይካየድ እዩ።

ገለ ምስ`ዚ ክታበት ዝተኣሳሰሩ እዮም ኢልኩም እትጥርጥርዎም ጐድናዊ ሳዕቤናት ምስዘጋጥሙኹም፡ ብዛዕባኦም፡ ብመገዲ ነቑጣ መርበብ ሓበሬታ ብጫ-ካርድ (Yellow Card) ድዩስ ብቑጽሪ ተሌፎን **0800 731 6789** (ካብ ሰዓት 9:00 ቅ.ቀ. ክሳብ ሰዓት 5:00 ድ.ቀ. ኣብ ዘሎ እዋን፣ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ)፡ ወይ ድማ መተግበሪ ብጫ-ካርድ ኣውሪድኩም ብምጽዓን ክትሕብሩ ትኽእሉ ኢኹም።

**www.mhra.gov.uk/yellowcard**

# ኣይንረስዕ

- ናይ ኤች.ፒ.ቪ. ክታበትኩም ብምውሳድ፡ ንገዛእ-ርእስኹም ኣብ መጻኢ ከጋጥሙ ካብ ዝኽእሉ ሓያለይ ዓይነት መንሽሮ ውሕስነት ምሃብ
- እዚ ክታበት እዚ ኣብ ዓዲ-እንግሊዝ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ሰባት ዓመታዊ የድሕን ኣሎ
- ክታበት ኤች.ፒ.ቪ. እንተወሰድክን እውን፡ ጥዕናዊ መርመራ ክትገብራ ገና ከድልየክን እዩ፤ ንኣብነት፡ ካብ 25 ዓመት ንላዕሊ ኣብ ዝዕድሚአን ደቀ`ንስትዮ ዝካየድ - ቅምሶ ኣካሊት ብምውሳድ ዝግበር መርመራ ክሳድ-ማህጸን

## ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ናብ`ዚ ገጽ እዚ ንእቶ፡- www.nhs.uk/hpv

ምሉእ ዝርዝር ባእታታት ክታበት ጋርዳሲል-9 ኣብ`ቲ ንተሓከምቲ ዝኸውን ሓበሬታ ዝሓዘ በራሪ ጽሑፍ (PIL) ሰፊሩ ይርከብ፡-
www.medicines.org.uk/emc/product/7330/pil

ንባህርያት ናይ`ዚ ፍርያት እዚ ዝገልጽ ጽማቕ ጽሑፍ (SPC) ኣብ`ዚ ገጽ እዚ ይርከብ፡- www.medicines.org.uk/emc/product/7330/smpc/print

NHS HPV ACTION.ORG

እዚ በራሪ ጽሑፍ እዚ ብናይ ዓዲ-እንግሊዝ ትካል ጥዕናዊ ድሕነት (UK Health Security Agency) ዝተዳለወ እዩ።
**ክታበት – ኣብ ነፍሲወከፍ ዕድመ፡ ጥዕናዊ ውሕስነት ኩሉ ሰብ ምርግጋጽ።**

እዚ በራሪ ጽሑፍ ክለኣኽልኩም ጠለብ ንኸተቕርቡ ወይ ካብ መርበብ ሓበሬታ ንኸተውርድዎ፡ ናብ www.healthpublications.gov.ukእተዉ ወይ  በዚ ዝሰዕብ ቊጽሪ ተሌፎን ደውሉ፡- 0300 123 1002 (መስመራት ተሌፎን ዝኽፈቱሉ እዋን ካብ ሰዓት 8:00 ቅ.ቀ. ክሳብ ሰዓት 6:00 ድ.ቀ.፣ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ኣብ ዘለዎ መዓልትታት ሰሙን እዩ)። እዚ በራሪ ጽሑፍ በዞም ቀጺሎም ተዘርዚሮም ዝርከቡ ቋንቋታት ተተርጒሙ ተዳልዩ እውን ይርከብ፡- ቋንቋታት ኣልባኒያ፡ ዓረብ፡ ቤንጋሊ፡ ብራዚል፡ ቡልጋሪያ፡ ቻይና፡ ስፓኒሽ፡ ኢስቶኒያ፡ ፋርሲ፡ ፊጂያን፡ ግሪኽ፡ ጉጀራቲ፡ ሂንዲ፡ ኩርድ፡ ላትቪያ፡ ሊቱዋኒያ፡ ኔፓል፡ ፑንጃብ፡ ፓሽቶ፡ ፖላንድ፡ ሩማኒያ፡ ሩስያ፡ ሶማልያ፡ ታጋሎግ፡ ቱርኪ፡ ትዊ፡ ትግርኛ፡ ዩክረይን፡ ኡርዱ፡ ዪዲሽ ከምኡ`ውን ዮሩባ

© Crown Copyright 2023.
Product code: HPVU1L-TIG. 3P 850K MAY 2023 (APS)
UK Health Security Agency gateway number 2023-046 Tigrinya